# ትምህርቲ ቋንቋ ኣደ

**ካብ ቀዳማይ ክፍሊ ክሳብ ማእከላይ ደረጃ ከምኡ ድማ ማእከላይ ደረጃ ንፍሉይ ጸገም ዘለዎም ተማህሮ ናይ ኣዲኦም ቋንቋ ከም ሓደ ዓውደ ትምህርቲ ይወሃቦም።**

ከምቲ ሕግና ዝብሎ ድማ ብውሑድ ካብቲኦም ወለዲ ሓደ ካብ ቋንቋ ሽወደን ወጻኢ ነቲ ቋንቋ ኣደ ንብሎ ክህልዎ ኣለዎ። ምኽንያቱ እቲ ተማህራይ ነቲ መሰረታዊ ዝኾነ ብዛዕባ ቋንቋ ኣዲኡ ክህልዎ ስለዝግባእ፣ ከምኡ ድማ እቲ ቋንቋ ኣደ ኣብቲ ገዛ ዝዝረብ ክኸውን ኣለዎ መታን ነቲ ተማህራይ መሰረታዊ ኣፍልጦ ክህልዎ ብዛዕባ ቋንቋ ኣዲኡ። እዚ ሕጊ እዚ ነቲኦም ዘይውላዶም ንዘዕብኡ ኣይምልከትን እዩ።

ቋንቋ ኣደ ክመሃሩ ዝደልዩ ብውሑድ 5ተ እንተበጺሖም እሞ ቋንቋ ኣዲኦም ክመሃሩ እንተሓቲቶም፣ ነቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ቅጥዒ ዝማልኡ እንተኾይኖም ንክመሃሩ መሰል ኣለዎም። ከምኡ ድማ ንዕኦም ዝበቅዕ መምህር እንተሎ።

ካብዚኦም ውሑዳት ህገራውያን ቋንቋታት እንተኾይኖም እቶም ተማህሮ ግን እዚ ኣብ ላዕሊ ዝጠቀስናዮ፣ ማለት ቋንቋ ኣደ ኣብ ገዛ ዝውቱር ክኸውን ኣለዎ፣ እቲ ተማህራይ መሰረታዊ ኣፍልጦ ቋንቋ ኣዲኡ ክህልዎ ኣለዎ ዝብል ኣይምልከቶምን እዩ። እዚኦም ውሑዳት ሃገራዊ ቋንቋታት ዝበሃሉ ድማ ፊንስካ፣ ሳሚስካ፣ ጁዲሽ፣ መንከሊ ከምኡ ድማ ሮማኒ ቺብ እዮም።

ካብዚኦም ሃገራውያን ቁንቋታት ወላ ሓደ ተማህራይ እንተ ሓቲቱ ክመሃር መሰል ኣለዎ ንክመሃር። ስለዚ ንዑኡ ዝበቅዕ መምህር እንተሎ ክመሃር ይኽእል። ኣብቲ ናይ ምኒስትሪ ትምህርቲ ገጽ/ ወብሲዳ እንተደልዩ ሰብ ብዛዕባ እዚ ከንብብ ይኽእል እዩ። ዕላማ ናይ እዚ ትምህርቲ ድማ ጽቡቕ ዕድላት ናይ ፍልጠትካ ምዕባይ ንክፍጠር እዩ። ከምኡ ድማ ነቲ ቋንቋ ኣዲኦም ንኽፈልጡን ንኸማዕብሉን ዝወሃብ ትምህርቲ እዩ። ሓደ ብግቡእ ቋንቋ ኣዲኡ ዘማዕበለ ወይ ዝፈልጥ ቋንቋ ሽወደን ንኽፈልጥ ወይ ካልእ ዓይነተ ትምህርቲ ብቀሊሉ ንኽርድኦ ዝያዳ ዕድል ይኸፍተሉ ወይ ኣይሽገርን እዩ።

ኣወሃህባ ነጥቢ/ነቲ ደረጃ ፍልጠቶም ክትመዝን ከለኻ ከምቲ ካልኦት ዓይነተ ትምህርቲ ብማዕረ ደረጃ እዩ ዝምዘን ወይ ዝረኤ፣ እዚ ማለት ቋንቋ ኣደ ኮይኑ ትሑት ሚዛን ዝወሃበሉ ምኽንያት ኣይኮነን። እዚኦም ተማህራይ ዘርእዮም ፍልጠትን፣ ክእለትን ከምቲ ኣብ ኩሽፕላን ማለት ኣብቲ ናይ ዓይነት ትምህርቲ ዘሎ ቅጥዕታት

መሰረት እዩ ዝረኤ፣ ካብ ኡ ብምብጋስ ድማ ይምዘንን፣ ነጥቢ/ደረጃ ይወሃቢን ከምቲ ልክዕ ካልኦት ዓይነተ ትምህርቲ።

ንዝያዳ ኣፍልጦ ድማ ኣብቲ ናይ ምኒስትሪ ወብ ሳይድ ኣቲኹ ብዛዕባ ቋንቋ ኣደ ይኹን ካልኦት ዓይነተ ትምህርቲ ከተንብቡ ትኽእሉ።

https://www.skolverket.se/regler-och-ansvar/ansvar-i-skolfragor/ratt-till-modersmalsundervisning

## ተማህሮ ኣብ ኣዚሎ ዝጅምሩ

ኣብ መንጎ ጥሪ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዓመት ደብዳበ ናብ ወለዲ ይለኣኽ ነቲኦም ንቀዳማይ ክፍሊ ንዝተዳለው፣ ኣብ ቋንቋ ኣዲኦም ክመሃሩ ከመልክቱ ንዝግብኦ ኣካል። እዚ ወረቀት ድማ መሊእካ ኣብ መጠረሽታ ጥሪ /31 ናብ ቤትምህርቲ ይምለስ።

Ansökan om undervisning i modersmål

## ተማህሮ ካብ 1ይ- 8ይ ንዝመሃሩ

ወለዲ ደቆም ቋንቋ ኣዲኦም ክመሃሩ እንተደሊዮም ነቲ ዝምላእ ወርቀት መሊኦም ኣብቲ ጽድያ/ሆስት ዝጅምር ትምህርቲ ክጅምሩ ናይ ቤትምህርቲ ይመልስዎ። መልሲ ድማ ኣብ ምጅማር ትምህርቲ ክወሃቦም እዩ።

ዝኾነ ሕቶ እንተለኩም ድማ በዚ ኣብ ታሕቲ ተለፎን ወይ ኢመል ገርኩም ክትሓቱ ትኽእሉ።

Ansökan om undervisning i modersmål